# ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማ.ል.ኢ.)
# Irob Development Association (IDA)

## ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማ.ል.ኢ.)
## 2012 ዓ/ም ዓመታዊ ትልሚ

## Irob Development Association (IDA)
## 2019/20 Yearly Plan

**ማ.ል.ኢ./ 2012 ዓ.ም**
**ዓዲግራት**

## Table of Contents

1.መእተዊ: .......... 2
1.1 ራኢይን ተልእኾን ማ.ል.ኢ. .......... 3
1.2 ሓፈሻዊ ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ .......... 3
1.3 ዝርዝር ዕላማታት ማልኢ .......... 3
- ኩሉ አሰራርሓና ንኣባላትናን ደገፍትናን ግልፅ ምግባር .......... 4
1.4 ኣንፈት ኣፈፃፅማ .......... 4
1.5 ሓበራዊ እምነታት ክብርታትን ማ.ል.ኢ. .......... 4
1.6 መሰረታዊ ኢስታት (Core values) ማ.ል.ኢ. .......... 5
2.ትልሚ 2012 ዓ.ም ዝርዝር መደባት .......... 5
2.1ቀንዲ መደባት 2012 ዓ/ም ማ.ል.ኢ. .......... 5
2.2ዝርዝር አፈፃፅማ ናይ 2012 ዓ/ም መደባት ማ.ል.ኢ. .......... 6
2.2.1 ን STVET-APPIC ሐገዛት ምትእክካብ .......... 6
2.2.2 ካብ ኣባላት ወር'ዊ መዋጦ ምእካብ .......... 6
2.2.3 ኣባለትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምዕባይ .......... 6
2.2.4 ኣብ ዘይሕጋዊ ስደትን ዝውውርን ግንዛበ ንሕብረተሰብ ምብፃሕ .......... 7
2.2.5 አብ ትምህርቲ ኩለመያዊ ድጋፍ ምግባር (ተምሃሮን መማህራንን ምሽላም) .......... 7
2.2.6 ኣብ ዓድግራት ናይ ኢሮብ ማሕበረስብ ማእከል ቦታ ክህሉ ምግባር .......... 7
2.2.7 ናይ ኢሮብ ማሕበረስብ ሙዘዝየም ምድጋፍ .......... 7
2.2.8 ጨንፍር ተምሃሮ ዝገብርዋ እንቅስቃሴታት ምድጋፍ ማ.ል.ኢ. .......... 8
2.2.9 ሓምለዋይ ከባቢ ንምፍጣር ምስራሕን ናይ ሱመ ፓርክ ክጣየሽ ምሕጋዝ .......... 8
2.2.11 ሐረግ መስረት ዝገበረ ዝምድናታት ምስጎረባቢቲ ወረዳታት ምጥንካር .......... 8
2.2.12 ምንእሰያት አብ እስፓርቲ ዝገብርዋ ምንቅስቃሳታት ምድጋፍ .......... 9
2.2.13 ናይ ማ.ል.ኢ. ማሓ ዘርእስታ ዓመታዊ መፂሄት ተዛጋጅያ ንንባብን ማህደርን ምስናድ .......... 9
2.3 ጠቅላላ ና ኣታዊታት ማሕበር ምዕባይ .......... 9
2.3.1ዝርዝር ኣታዊት ትፅቢት ዝግበረሎም .......... 9
2.3.2 ኣንፈት ኣፈፃፅማ እቶት ምትእኽኻብ .......... 10
3.ትፅብት ዝግበረሎም ውፅኢታት/Expected OutCome/ .......... 11
4. ሓፈሻዊ ኩነታት .......... 11
5. ባጀት 2012 ዓ/ም ትልሚ ዝርዝር .......... 12
6. መጠቓለሊ .......... 13

## 1.መእተዊ:

ተወለድቲ ኢሮብ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ተወዲቦም ፀገም ህዝቦም ንምፍታሕ ብዙሕ እናተንቀሳቐሱን ብኽመይ እንተተወዲብና ይሓይሽ ብምባል በብወገኖም እናተዛተዩ እናሀለዉ ብ1990 ዓ.ም ሃንደበታዊ ኲናት ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ተኸሲቱ ህዝብና ንኸቢድ ፀገምን ሞትን ምብትታንን ተጨዊዮም ዝተወሰዱ ወገናትና ሃለዋቶም ዘይፍልጥሉ ኩነታት ተፈጢሩ ድሕር'ቲ ኲናት ህዝብና እግሪ ክተክል ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት እናተገበረ እናሃለወ ዝተኸበሩ ኣባ ተስፉይ በራኺ ካብ አሜሪካ ብ1994 ዓ.ም መወዳእታ ከባቢ ብምምፃእ እዚ ፀገም ንምፍታሕ ናይ ሙሁራት ኢሮብ ውዳበ ንመስርት ብምባል ኣብ መቐለ ዝሪርብ ይግበር'ሞ እቲ ሽው ዝነበረ ታኣካባይ ኣተሓባባሪት ኮሚቴ ንምረፅ ብምባል እዞም ዝስዕቡ ሰባት መበገሲ ሓሳብን መተሓዳደሪ ደንቢ ንኣርቒቖም ክመፁ ተመሪፆም። 1.ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሳይ- መማኸሪ ናይቲ  ኮሚቴ 2. ኣይተ ካሕሳይ ደበሱ 3. ኣይተ ተስፉይ ገብራይ 4. ኣይተ ኣብርሃ ስብሓት 5. ኣይተ ሃይለማርያም ዮውሃንስ 6. ኣይተ ሓጐስ ፀጋይ ነይሮም። እዚ ኮሚቴ እዚ ኣብቲ ሽው ግዜ ናይ ሙሁራት ማሕበር ካብ እንብሎን ጠቕላላ ተወለድትን ፈተውትን ኢሮብ ክጥርንፍ ዝኽእል ውዳበ ንመስርት ብምባል ዝተፈላለዩ ሽማት ፕሮፖዛል ብምሓዝ ዕላማ ናይቲ ማሕበር ንመታሓዳደሪ እቲ ማሕበር ኣብ ሓፂር ግዜ ቐትርን ለይትን ብምስራሕ ብ1994 ዓ.ም ወርሒ ነሓሰ ኣጠናቒቓ ናብ ተወልድቲ ኢሮብ ነበርቲ መቐለ ተቐርብ። ካብቶም ቐሪቦም ዝነበሩ ሽማት ምስቲ ናይ ሽው ዝነበረ ፀገም ክገልፅ ዝኽእል ተባሂሉ ዝተመረፀ። "ማሕበር ሕውየትን ልምዓትን ኢሮብ" (ማሕልኢ) (Irob Nationality Rehabilitation and Development Association (INRDA) ዝብል ማሕበር ብዕለት ፥ መስከረም  1995 ዓ.ም ተመስሪቱ።ብምቕፃል ኣብ 1ይ ጉባኤ እቲ ማሕበር ኣብ ትርፊ ዘይተመሰረተ ናይ ልምዓት ማሕበር ኮይኑ ብቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ተመዝጊቡ እናሰርሐ ፀኒሑ ዳሓር ግና እቲ ናይ እግሪ ምትካል ስራሕቲ እናተወደአ ምስከደ እቲ ሽው ዝነበረ ኣመራርሓ ምስ ግዜን ኩነታትን ዝኸይድ ሽም ይሃልዎ ብምባል እዚ ሐዚ ዝዕዋዓሉ ዘሎ ሽም ማለት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማልኢ) Irob Development Association (IDA) ዝብል ሽም ክህልዎ ኣብ 1 ይ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብዕለት 24/6/98 ዓ.ም ፀዲቑ ይስራሓሉ ኣሎ።ስለዙይ ኣብ ሃገርና ዝተሓንፀፀ  መደብ ቁጠባዊ ልምዓት ንምዕዋት Irob Development association (IDA) ዝርክቡ ኣባላት ብመልክዕ ልምዓታዊ ሰራዊት ብምንቕስቃስ ርኡይ ለውጢ ክመዝገቡ ዝኽእሉ ኣብ አፈፃፅማ  ዓቕሚ ምዕባይ ዝለዓለተራ እንትህልው'ዩ።  ስለዝኾነ Irob Development association (IDA) ዝርክቡ ኣባላት ከምቲ ዝደለ እኳ ዝተማለኣ እንተዘይኮነ  ብኣተሓሳስባኡ ዝማዕበለ ብስርሑ  ውፅኢታዊ ዝኮነ ኣብ ምንካይ ድኽነት ዝለዓለ እጃም ዘበርክት ኣባላት ንምፍጣር  ስትራቴጅክ ትልሚ

ወጊእሉ ብርክት ዝበሉ ሰራሕቲ ኣብ ምትግባር ይርከብ።በዚ መሰረት Irob Development association (IDA) ዝርክቡ ኣባላት/ፈፀምቲ አካላትን ብዝተዓፃፀፈ መንገዲ ዓቕሚ ምዕባይ ኣዝዩ አገዲሱ'ዩ'።

ስለእኹነ ዋና ተግባር ማ.ል.ኢ. ዕላማታት መሰረት ብምግባር ብመሰረት ሕግን ደንቢን ናይዚ ማሕበር ኣብ ናይ ኢሮብ ህዝቢ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ሓጋዛይ ተራ ምፅዋት እዩ። እዚ ናይ 2010 ዓ.ም ማ.ል.ኢ. ናይ ስራሕ ትልሚ ጨንፈራት ምስ ከባብኦም ዝጥዕም ኣሰራርሓ ትልሚ ድሕሪ ምውፃእ ናይ ኩሎም ጨንፈራት ጥማር ትልሚ ከምዝኾነ ምርዳእ ኣገዳሲ ይኸውን።

## 1.1 ራኢይን ተልእኾን ማ.ል.ኢ.

- ራኢይ:- ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ካብ ድኽነትን ድሕረትን ድንቁርናን ዘተላቐቐ ዘላቒ ልምዓትን ዝነገሰላ ኢሮብ ምርኣይ።
- ተልእኮ:- ኣብ ዓድን ወፃኢን ዘለዉ ተወልድትን ፈተውትን ኢሮብ ኣብ ትሕቲ ፅላል ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብምውዳብ ኣብ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ኣብ ባህል ቋንቋ ትምህርቲ ጥዕና ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን መደባት ብምስታፍ መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ክማሓየሽን ሓድነት ህዝቢ ኢሮብ ክጥንክርን ምግባር'ዩ።

## 1.2 ሓፈሻዊ ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

ህዝቢ ኢሮብ ድኽነትን ድንቁርናን ንምጥፋእ ዝገብሮ ፃዕሪ ምሕጋዝ ቋንቋን ባህልን ታሪኽን ህዝቢ ኢሮብ ምዕቃብን ምምዕባልን እንትኾኑ

## 1.3 ዝርዝር ዕላማታት ማልኢ

- ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ብምስራሕ ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ድኽነት ክቕነስ ምግባር።
- ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዘሎ ፀገም ኣብ ግምት ብምእታዊ ኣብ ኩለመዳይ ትምህርቲ ቱኽረት ሂብካ ምስራሕ፥
- ቋንቋን ባህንልን ህዝቢ ኢሮብ ብምዕቃብን ብምምዕባልን ስነ-ቃልን ታሪኽ ህዝቢ ኢሮብን ብፅሑፍ ናብ ወለዶ ክማሓላለፍ ምግባር ፡ ህዝቢ ኢሮብ ተጠቃማይ ቋንቋኡ ክኸውን ምግባር ምዕቡል ባህሊ ዓለም-ለኸ ተፈላጥነት ክህልዎ ምግባር።

- ናይ ስራሕ ባህሊ ምዕቡል ዝኾነን ዓዱን ህዝቡን ዝፈቱን ንሓደገኛ ስደት ዝፅየፍ መንእሰይ ክፍጠር ፃዕሪ ምግባር።
- ኣብ ዓድና ዘሎ ፀገም ንምንካይ ኣብ ዓበይቲን ለውጢ ዘምፅኡ ፕሮጀክታትን ቱኸረት ህብካ ምስራሕ።
- ህዝብ ናይ ብኹሉ መዳይ ማ.ል.ኢ. ሓደ ናይ ልምዓት ትካል ሙኻኑን ብኹሉ መዳይ ማሕበርና ክድግፍን ኣብ ዙሪያ ማሕበር ክውደብ ምግባር።
- ኩሉ ስራሕቲና ኣብ ኩሉ ዝርከብ ተወላዲ ኢ.ሮብን ደገፍቱን ብዝተዓፀፈ ኣካይዳ ምኽታል።
- ኩሉ ስራሕቲና ሕብረተሰብ መሰረት ክገብርን ተሳትፎ ተወለድቲ ኢ.ሮብ ኣብ ወፃኢ ብዝጠንከረን ብሓደ ውዳ ክሰርሕን ምግባር።
- ኩሉ አሰራርሓና ንኣባላትናን ደገፍትናን ግልፅ ምግባር

## 1.4 ኣንፈት ኣፈፃፅማ

- ዝተሓንፀፁ ፓሊስን ስትራቴጅን ብትልሚታት ኣደግፍካ ከምናይ መዐቀኒ ኣፈፃፅማ ገይርካ ብምውሳድ ኣገዳሲ ይኸውን
- ስራሕቲ ኣብ ኩለን ጨንፈር ኮሚቴታት ብዝግባእ ብ network ብምትእስሳር ስራሕተን ብውፅኢ.ተን ንክዕቀና ምግባርን ናይ መፈለምታ ቀንዲ መዐቐንኤን ዲማ ዘፍረያኦ በዝሒ ኣባላት ንክኸውን ተወሲኑ እዩ።
- ውዳበታት ምጥንካርን በብግዜ ትልሚ መሰረት ብምግባር ዝርዝር ኣባላትን አታዊን ንዋና ቤት ፅሕፈትን ቦርድን ሪፖርት ምግባር
- ኩሉ ስራሕቲና መሰረት ዝገብር ናይ ማሕበር ሕገደንቢ ሙኻኑ ብምርዳእ ኩሉ ስራሕቲና በዚ መሰረት ተግባራዊ ምግባር ፤ ኢሉውን ኣሰራርሓታትን ማንወላትን ናይ ማሕበር ተኸታትልካ ምስራሕ
- ናይ ወፃኢ ጨንፈራት ብወከልቶም ኣብሎም ምስ ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ በብ 3 ውርሒ ስሩዕ ናይ ቴለኮንፈረንስ ናይ ሪፖርት ግዜ ይህሉ
- ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝርከቡ ናይ ጨንፈር ኮሚቴ በብ ወርሒ ሪፖርት ናብ ቤት ፅሕፈት ክልእኩ ኣለዎም
- ውሳነታት ዝወሃቡ ብመሰረት መተሓዳደሪ ደንቢ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ይኸውን

## 1.5 ሓበራዊ እምነታት ክብርታትን ማ.ል.ኢ.

- ንድሌት ህዝብናን ንተገልጋይነትን ቀዳምነትን ንህብ
- ብውፅኢ.ትና ንሕተትን ንፅቀንን
- ተአማንነት ዘለዎ ግልጋሎት ንህብ

- ደንባዊ/ምምሕዳራዊ ስነ ምግባር ንሕሉ
- መርአያ መትከላት ሰነ-ምግባር ማ.ል.ት ሙኻን
- ፍሉይ ጠመተ ንጉድኣት አካል መንእሰያትን ንደቂ ኣንስትዮን ምሃብ
- ዝተውሃበና ናይ ህዝቢ ሓላፍነት ቀዳምነት ንህብ
- ቅሬታ መቕረብቲ ሃነፅትና እዩም ኢ.ልና ንኣምን
- ዕግዕተኝነትን ክራይ ኣካብነትን ኣይንጋለፅን

## 1.6 መሰረታዊ ኢ.ስታት (Core values) ማ.ል.ኢ.

- ሓድነት/Solidarity-Working together for common goal)
- ቅድሚ.ያ ንፀገም ንተ.ጋለፅቲ/Option for the vulnerable/
- ብተወፋ.ይነት ንህዝቢ ናይ ምግልጋል ልኡኽ/Voluntary mission to serve the people commitment/
- ንሓባራዊ ክብሪን ጥቕሚን ምስራሕ/ Working for Common good/
- ናይ ሃፍቲ ኣጠቓቕማ ውጺኢ.ታዊነት/Efficient utilization of resources/
- ታኣማንነትን ግልፅነትን/Fidelity & honesty among the IDA membersንካልኦት ባህልታትን ቋንቃታትን ዝግባእ ክብሪ ምሃብ/Respect for other cultures, languages and societies.

## 2.ትልሚ 2012 ዓ.ም ዝርዝር መደባት

ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ድሕሪ 4ይ ጉባኢ 2008 ዓ.ም ጀኪሩ ክሳብ 2010 ዓ.ም ብርክት ዝበሉ ትካላዊ ዕላማ መሰረት ዝገበሩ ስራሕቲ ኣሳሊጡ እዩ ።2010 ዓ.ም ስራሕቲ ብዋናነት ኣብ ውዳበታት ማለትውን በቢከባቢ ኣባላት ምብዛሕን ፤ ዝተፈላለዩ ናይ እቶት መተኻኸቢ መደብ ብምስላጥ ዕቡቕ ሰራሕ ተሰርሑ እዩ፤፡ነዚ መርኣያ ዝኸውን ኣብ ኣመሪካ፡ ዓድግራትን ዝተገብሩ ናይ እቶት ምትእኽኻብ መደባት ምረኣይ ይከኣል። ብዋናነት STVET-APPIC ንምስራሕ ዝተገብሩ ናይ ህዝቢ ምልዓል ስራሕ ካብ ዝተሰርሑ ዓበይቲ መደባት እዬም። ናይ ተምሃሮ ሽልማትን ካልኦት መደባት ብምስላጥ ዕውት ስራሕ ተሰርሑ ክበሃል ይከኣል ፤ ካብዚ ብተወሳኺ ካብ 2008 ዓ.ም ጀኪሩ ክሳብ 2010 ዓ.ም ዝጠቕለለ ናይ ማሕበር ናይ ስራሕ ሪፖርትን ኦድትን ተገይሩ እዩ። ኣብ 5ይ ጉባኢ ዕዉት ብዝኮነ መንገዲ ብምክያድ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ቀፃልነትን ዕፈትን ክህልዋም ኣቅጣጫታት ኣቅሚጡ በዚ መሰረት ካ0 ዓመታዊ ትልሚ ከምዝስዕብ ተዳልዩ ይርከብ።

### 2.1ቀንዲ መደባት 2012 ዓ/ም ማ.ል.ኢ.

ከም መበገሲ ናይ 2012 ዓ/ም ናይ ስራሕ መደብ ማሕበርና ከም መደብ ዝሓዞም እዞም ዝስዕቡ መደባት እዮም።

1. ን ISTVET-APPIC ሐገዛት ምትእኽኻብን ስራሕ ክጅምር ምድጋፍ
2. ካብ ኣባላት ዓመታዊን ወርሓዊ መዋጮ ምእካብ
3. ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ምዕባይ

4. ኣብ ዘይሕጋዊ ስደትን ዝውውርን ግንዛበ ንሕብረተሰብ ምብፃሕ
5. ኣብ ትምህርቲ ኩለመያዊ ድጋፍ ምግባር (ተምሃሮን መማህራንን ምሽላም)
6. ኣብ ዓድግራት ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ማእኸል በታ ክህሉ ምግባር
7. ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ሙዝየም ምድጋፍ
8. ጨንፈር ተምሃሮ ማ.ል.ኢ. ዝገብርዎ እንቅስቃሴታት ምድጋፍ
9. ሓምለዋይ ከባቢ ንምፍጣር ምስራሕን ናይ ሱመ ፓርክ ክጣየሽ ምሕጋዝ
10.ዋዕላ ምፍላጥ ኢሮበታይን ፊተዉቶምን ሐረግ ዝምድናታቶምን ምስጎረባቢቲ ወረዳታት
11.ምንእሰያት ኣብ እስፓርቲ ዝገብርዋ ምንቅስቃሳታት ምድጋፍ
12.ናይ ማ.ል.ኢ. ማሓ ዘርእስታ ዓመታዊ መፂሄት ተዛጋጅያ ንንባብን ማህደርን ምስናድ

## 2.2ዝርዝር ኣፈፃፅማ ናይ 2012 ዓ/ም መደባት ማ.ል.ኢ.

### 2.2.1 ን STVET-APPIC ሐገዛት ምትእክካብ

ን ISTVET-APPIC ክሳብ ዝጣናቀቅ ማ.ል.ኢ. ቀፃሊ ድጋፍ ኣብ ሞያዊ ይኩን ገንዘብ ኣብ ምትእክካብ ብ ንጥፈት ክሰርሕ ን 2012ዓ/ም እዉን ግዱኡ ከወፈ ፊተዉቱን ኣባላቱን ካላዓዕል መደብ ሒዙ ይርከም። በዚ መሰረት እዚ ትካል ናብ ስራሕ ንምእታዉ ብር 1,500,000.00 ከታኣኻክብን ክድግፍን ፕላን ሒዙ ኣሎ።

### 2.2.2 ካብ ኣባላት ወር'ዊ መዋጦ ምእካብ

ብመምሪሒ ደንቢ ማሕበርና ከምዚተሓበረ ኩሉ ኣባል ማሕበርና ዓመታዊ መዋጮ ከፈሊት ኣብ መጀመርታ ዓመት ክኸፍል ኣለዎ እዚ ክፍሊት ክሳብ ታሕሳስ 30/2012/ ዓ/ም

### 2.2.3 ኣባለትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምዕባይ

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝተረኸቡ ዓበይቲ ተሞክሮታት መሰረት ብምግባር ኣብዚ ዓመትውን ናይ ኣባላት ናይ ምብዛሕ ስራሕቲ ተጠናኺሩ ኽቅጽል ኽግበር እዩ። እዚ ናይ ኣባልነት ጉዳይ ብስድራ ደረጃውን እንከይ ተረፈ ተግበራዊ ዝኸውን እዩ። ናይዚ ቱርጉም ካብ ዝርከብ ገንዘብ ንላዕሊ ናይ ናተይነትውን ኣብ ነፍስወከፍ ኢሮበታይ ዘሕድር ሙኻኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ ይኸውን። ጠቅላላ ኣባላት ካብ 1500 ናብ 3000 ንምብፃሕ ክስራሕ ኣለዋ።

### 2.2.4 ኣብ ዘይሕጋዊ ስደትን ዝውውርን ግንዛበ ንሕብረተሰብ ምብፃሕ

ኣብ ዘይሕጋዊ ስደት ዝውውር ን መናእሰይ ግንዛበ ዘጭብጥ ትምህርቲ ምሃብዕ ኣብ ስተራቴጅክ ትልሚና ከምዘተሓበረ ሓደ ፀገም ከባቢና መንእሰይ ኢሮበ ምስ ናይ ስራሕ ስእነትን ናይ ቦታ ፅበትን ዝተዛመደ ኣብ ክልልና ቐንዲ ተጠቃዓይ ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ። እዚ ስራሕ ብናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጨንፈር ተምሃሮን ቤት ፅሕፈትን ብምትሕብባር ዝፍፀም ይኸውን።

ናይዚ ኣንፈት ኣፈፃፅማ ዝኸውን ፤ ጨንፈር ተምሃሮ ፕሮፖዛል ብምድላውን ቤት ፅሕፈት ከዓ በጀት ብምኽኣል ኣብ ተግባር ዝውዕል እዩ። ከም ልሙድ ማ.ል.ኢ. ቤት ፅሕፈት ስፖንሰራት ብምድላይን ይኸውን ።ምስዚ ብተወሳኺ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ደገፍ ንምሃብ ናይ ዩኒቨርሲቲ ተምሃሮ ኣብ ግዜ ዕረፍቶም ናብ ዝተፈላለዩ ትምህርቲ ቤታት ብምውፋር ናይ መፃሕፍቲ ደገፍ ምግባርን ኣስተምህሮ ናይ ምሃብ ስራሕ ክስራሕ ኣሌዎ። ናብ ቃላሚኖ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ዝኣትው ተምሃሮ ደገፍ ናይ ምግባር ስራሕቲ ከም ዓብይ መደብ ቱኽረት ተዋህቡዎ ክስራሕ ክግብር እዩ።

ኣብ ስራሕ ስእነትን ዘይሕጋዊ ስደትን ዝስራሕ ስራሕ ብወናንነት ኣብ ትምህርቲ ጠንክርካ ብምስራሕን ኣብ ናይ ስራሕ ዕድል ምፍጣርን ብዋናነት ክስራሕ ኣለዎ። ኣብዚ ክፍሊ ባህሊውን ኣብዚ መዳይ ቱኸረት ህቦም ናይ ኣስተምህሮን ብዝተፈላለዩ መደባትን ምስራሕ ኣድላይ ይኸውን።

### 2.2.5 ኣብ ትምህርቲ ኩለመያዊ ድጋፍ ምግባር (ተምሃሮን መማህራንን ምሽላም)

ኣብ ትምህርቲ ዝሓሸ ነገር ንምምፃእ ናይ ተምሃሮ ሸለማት ምድላው ካብ 5-12 (ዝለዓለ ነጥቢ ዘለዎም 60 ተምሃሮን ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ዘመዝገቡ 10 መምህራን ምሸላም፤፤ ኣብዚ ዓመት ፅቡቅ ነጥቢ ዘለዎም 15 ናይ ዩንቨርሲቲ ተምሃሮ ምሸላም (እዚ ስፖንሰር ብምተእላላሽ) ይኸውን:: እዚ ከምልሙድ ካብ 5-12 ዝለዓለ ነሐቢ ንዘምቻኡ ተመሃሮ ብር 600 ሽሊማትን ንናይ ዩኘቨርሲቲ ዝለዓለ ነሐቢ ዘምቻኡ በር 3600 መተባበዒ ሽሊማት ይወሃቦም ምስ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ብምትሕቢባር ስኮላር ሽፕ ዝርከበሉ ኩነታት ምግባር::

### 2.2.6 ኣብ ዓድግራት ናይ ኢሮብ ማሕበረስብ ማእከል ቦታ ክህሉ ምግባር

ኣብ ዓድግራት ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ማእኸል ቦታ ክርከብ ምስ ምምሕዳር እቲ ከተማን መዘጋጃቤት ምክክር ምግባር:: ንቀሙሊነት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ማእከል ምስራሕ ከምሓደ ዕላማ ማሕበርና ገይርካ ምውሳድ ኣደላይ እዩ:: በዚ መሰረት ኣበዚ ኣብ ዓዲግራት ንምጅማር መደብ ተታሕዙ ይርከብ::

### 2.2.7 ናይ ኢሮብ ማሕበረስብ ሙዘዝየም ምድጋፍ

ኣብ ኢሮብ ተሰርሑ ዘሎ ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ሙዝየም ብናውቲ (ባህላዊ ኑዋትን ኣቅሑትን ቻሑፋትን ክማላእ ምግባር ኣድላይ ይከውን:: እዚ ምስ ናይ ወረዳ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዝርራብ ዝፍፀም ይከዉን::

### 2.2.8 ጨንፍር ተምሃሮ ዝገብርዋ እንቅስቃሴታት ምድጋፍ ማ.ል.ኢ.

ብአታሓባባርነት ጨንፈር ተምሃሮ ናይ ብሄር ብህረሰባት በዓል ኣብ ዩንቨርስታት ከበዓላ፡ መፃሕፍቲ ተኣከቡ ንቤት ትምህርታት ከበፅሕን፡ ኣብዘይ ሕጋዊ ስደትን ተፈጥሮ ምሕዋይ ስራሕ ምስራሕ፡፡

- መፃሕፍቲ ንቤት ትምህረታት ምእካብ (እንዳልገዳ፡ ዳወሃን፡ መርዓትለ፡ ዓሊተናን እኘዳሞሳን) ቤት ትምህርታት
- ኣብ ኩሎም ዩንቨርሲታት ዝርከቡ ተምሃሮ ኢሮብ መትሕብባርን ኣብ ከረምቲ ግዘ ናይ ነሙ ሓገዝ መገባር፡፡
- ዝተፈላለየ ኣስተምህሮታት ንመናእሰያት ምሃብ፡፡

### 2.2.9 ሓምለዋይ ከባቢ ንምፍጣር ምስራሕን ናይ ሱመ ፓርክ ክጣየሽ ምሕጋዝ

ሓምለዋይ ከባቢ ኣብ ኢሮብ ንምፍጣር ዝተፈላለየ ጥቅሚ ክህቡ ዝክእሊ ኣገራብ ብዉድድር መልክዕ ኣብ ኩሉ ኢሮብ ከባቢታት ክትከሉ ምግባርን ብደንቢ ምዕደቆምን ምዕባዮምን ምስተፈልጠ ናይ ገንዘብ ሐገዛት መበራታቲዒ ሽልማት መህብ ፡፡ኣብ ኢሮብ ሓምለዋይ ገፅታ ንምምላስ ሱመ ፓርክ ዝምስርተሉ ባይታ ምሕንፃፅን ምስ ዝምልከቶም እካለት ብስራሕ"" እቲ ሐሳብ ኣብ ሕብረተሰብ ድሊየት እተመስረተ ንክኮን ምስ ዝምልከቶም ናይ መንግስቲ ኣካላት ምዝርራብን ብዛዕባ ክልመዐሉ ዝክእል ኣገባባት ኣነፂርካ ምቅማጥን ኣብ 2012 ዓ/ም ክስረሐሉ መደብ ተታሒዙ ኣሎ፡፡

ኣብ 2012 ልዕሊ 2000 ተክሊ ተኪሉ ዘፅደቀን ምዕዳቆም ብባዓል ሞያ ምስተራጋገፀ 1ይ ዝወፀ ኣብ ቀዳማይ ዙር 50000.00 ኣብ ካልኣይ ዙር ገምጋም ምስሐለፍ 50000.00 ጠቅላላ 100000.00(ሚኢቲ ሽሕ ተሸላሚ ይከዉን) 2ይ ዝወፀ ቀዳማይ ዙር 25000.00 ኣብ ካልኣይ ዙር ገምጋም ምስሐለፍ 25000.00 ጠቅላላ 500000.00(ሓምሳ ሽሕ ተሸላሚ ይከዉን) 3ይ ዝወፀ ቀዳማይ ዙር 15000.00 ኣብ ካልኣይ ዙር ገምጋም ምስሐለፍ 15000.00 ጠቅላላ 300000.00(ሳላሳ ሽሕ ተሸላሚ ይከዉን)፡፡

ኣገባብ ኣፍፀዕሙኡ ኣብ ናይሓባር ቦታ ተወዲብካ ክኮን ይክእል ኣብ ናይ ዉልቀ መሪየትካ ኮይኑ እቲ ዝፀደቀ ተክሊ ምስዓበየ ዋንነቱ ንቶም ግሩብ ወይካዓ ትካል ወይ ወልቀሰብ ይከዉን ብውሕዱ ኣብ ጥቅሚ ክዉዕል ከሎ ንክትክኡ ዉዕሊ ካእትዉ ፍቃደኛታት ምካን፡፡ ትካላት ክሳተፋ ይበረታታዕ፡፡እዚ ስራሕ ቀፃሊ ሙካኑ ክፍለጥ ኣለዋ፡፡

### 2.2.11 ሐረግ መስረት ዝገበረ ዝምድናታት ምስጎረባቢቲ ወረዳታት ምጥንካር

ቋንቋን ባህልን ታሪኽን ህዝቢ ኢሮብ ንምዕቃብ ከሙኡ እዉን ንምምዕባል ትወለድቲ ህዝቢ ኢሮብ ንክፋለጡን ዓበይቲ ዓዲ በቲ ዝፀንሐ ስናይ ጉርብትናን ምሕዝነትን ሐቢርካ ከባቢካ ንምልማዕ ዝግበር ሐበራዊ ዘተ ኣብ ልምዓትን ሐድነትን ዘይትካእ ግደ ኣለዋ ፤ በዚ መሰረተት ምስ ጎራባብቲ ወረዳታት ይኹን ኣብ ዝተፈላለየ ዝርከቡ ኢሮበታይ ዝፍለጠሉ ናይ ልምዓት ዋዕላ ንምክያድ ኣብዚ መድረኽ ከዓ ወኪላት ተወለድቲ ሐረግ ስጋን ፈላጣትን ካብከባቢኦም ብምትሕብባር ሐድነትን ስምረት ልምዓት ኢሮቦቶትን ፈቶዉቶምን ዝጉልብተሉን ዝድንፍዓሉን ሜላታት ብምትእክካብ ሐበራዊ ቁዋማት ብምዉፃእ ንዝበለፀ

ስራሕ ምዝግጃዉ፡፡ታሪኽ ፃሐፍቲ ክጥቀሙሉን ክሰነድን መድረኻት ምድላዉን ታሪኽን ትዊፍትን ክስነደድ ምግባር፡፡

### 2.2.12 ምንእሰያት ኣብ እስፖርቲ ዝገብርዋ ምንቅስቃሳታት ምድጋፍ

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምንእሰያት ኣብ እስፖርቲ ዝገብርዋ ምንቅስቃሳታት ምድጋፍ። ዉድድራት ክህልዉ ከለዉ ምብርትታዕ ዝድግፉ ዉልቀ ሃፍቲ ኣፍልጦ ምሃብን ቡሉፃት ተፃወቲ ምሽላም ከምኡዉን ብመሰረት እቱት ዕጥቅን ናዉቲን ምሙላእ፡፡

### 2.2.13 ናይ ማ.ል.ኢ. ማሓ ዘርእስታ ዓመታዊ መፂሄት ተዛጋጅያ ንንባብን ማህደርን ምስናድ

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ 2009 ን ፈላሚ ግዜ ዝተሃተመት መፂሃት በቢዓመቱ ዝተሰርሑ ስራሕቲን አንፈታት ልምዓትን ን ኣባላትን ድገፍትን መዳርግቲ አካላት ሐቤሪታ ንክትህብ በቢ ዓመቱ ክትስነድን አብኩሉ ክትባፃሕ ትልሚ ተታሒዙ አሎ፡፡በዚ መሰረት ናይ ሑሉፍ ዓመታት ፍፃመን ዝርዝርን ሒዛ 2012 ዓ/ም ስራሕቲን ካሎኦት ቁምነገራትን ሒዛ ክትሕተም እያ። ምስዚ ዝተትሓዘ ናይ 5[ይ] ጉባኤ ሪፕርትን ካለኦት ናይ ማሕበርና ኩነታት ወስካ ክትዳሎ እያ።

## 2.3 ጠቅላላ ና ኣታዊታት ማሕበር ምዕባይ

### 2.3.1ዝርዝር ኣታዊት ትፅቢት ዝግበረሎም

ቀንዲ ኣተዊ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብመሰረት መተሓዳደሪ ድንቢ እዞም ዝስዕቡ እዮም ፤ (1) ናይ ኣባልነት ክፍሊት፤ (2) ካብ ናይ እቶት ምትእክካብ መድረኻት/ ፕሮግራም፤ (3) ወፈያን ካልኦት መላታትን ኢዮም። በዚ መሰረት ኣብ 2012 ዓ.ም በቢ ከባቢ ኣብ እቶት ምትእኽኻብ ልዕሊ 3,820,000.00ብር ክእከብ ትፅቢት ይግበር።

ሰደቃ ትፅቢት ዝግበረሎም ዝርዝ አታዊታት አብ 2012ዓ/ም

| ጨንፈር | ካብ አባልነት | ካብ መድረኽ ምድላው/ካብ ወፈያን ካሎኦት ስራሕቲ ኣታዊ | ጠቅላላ ኣታዊ |
|---|---|---|---|
| መቐለ ጨንፈር | 80,000.00 | 100,000.00 | 180,000.00 |
| ዓድግራት ጨንፈር | 80,000.00 | 100,000.00 | 180,000.00 |
| ኣድስ ኣበባ ጨንፈር | 80,000.00 | 300,000.00 | 380,000.00 |
| ድያሰፖራ ጨንፈር | 500,000.00 | 1,500,000.00 | 2,000,000.00 |
| ተምሃሮ ጨንፈር | 5,000.00 | 50,000.00 | 55,000.00 |
| ኢስራኤል ጨንፈር | 200,000.00 | 200,000.00 | 400,000.00 |
| ክፍሊ ባህሊ ጨንፈረ/ዳውሃን | 5,000.00 | 50,000.00 | 55,000.00 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ስዑድ ዓረብ ጨንፈር | 70,000.00 | 150,000.00 | 220,000.00 |
| ውቅሮ | 20,000.00 | 50,000.00 | 70,000.00 |
| ዳውሃን ጨንፈር/ኢሮብ | 200,000.00 | 80,000.00 | 280,000.00 |
| **ጠቅላላ ድምር** | 1,240,000.00 | 2,580,000.00 | 3,820,000.00 |

### 2.3.2 ኣንፈት ኣፈፃፅማ እቶት ምትእኽኻብ

**ሀ. ካብ ኣባላት ዝርከብ ወርሓዊ መዋጮ ዝምልከት፤** ኣብ መተሓዳደሪ ደንቢ ከምዝሰፈረ ቐዳማይ እቶት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናይ ኣባላት ናይ ኣባልነት መዋጮ ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ። እዚ መሰረታዊን ናይ ማሕበር ህልውና መረጋገፂን እዩ። ብዘይ ኣባላት ናይ ማሕበር ህልውና ክህሉ ኣይክእልን ፤፤ ስለዝኾነውን ብመጀመርያ ኣባል ናይ ወርሓዊ መዋጮ ከም ግዴታ ከምዘሎ ምርዳእ ኣድላይ ይኸውን ፤ እዚ ድሕሪ ምእማን ወርሓዊ መዋጮ ናይ ዓመት ወይ ናይ ሽድሽተ ወርሒ ብምኽፋል ግደታ ኽወፃእ ክኽእል ኣለዎ። ነዚ በቢ ከባቢ ዝርከቡ ጨንፈር ኮሚቴ ናይ ማሕበርና ደረሰኝ እናቆረፁ ገንዘብ ክቕበሉን ንኣባልእውን ደረሰኝ ብእዋኑ ኽወሃብ ከምዘለዎ እዩ።

ነዚ ተግባረዊ ንምግባር በቢ ከባቢ ዝርከቡ ጨንፈር ኮሚቴ ኣብ ሕበረተሰብ ዓብይ ምንቅስቓስ ብምግባር ናይ ማሕበር ኣባላት ከብዝሑ ኣለዎም፤ ሕድ ሕድ ተወላዲ ኢሮብ ብተግባር ኣባል ኽከውን ኣለዎ ። ነዚውን ኣብ ናይ ጨንፈራት ትልሚ ተዳልዩ ብዘሎ መሰረት ዝተፈላለዩ ማሓዊራት ኣሰራርሓታትን ግልፂ ብምግባር ኣባላት ግደታን መብትን ኣሰራርሓን ክንፀር ኣለዎ።

**ለ. ናይ እቶት መተኣኻኸቢ መድረኻት ምድላው፤**

ነዚ ዝሕግዝ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን መድረኻት ብምድላው ናይ ማሕበርና እቶት ዝዓብየሉን ኩነታት ምፍፃም፤ እዚውን ፌስትቫላት ምድላው፤ ናይ ሙዝቃን ናይ ምስጋና መድረኻትን ፤ ናይ መፅሄትን ካልኦትን መደባት ብምድላው ተግበራዊ ይኸውን። በዚ መሰረት ምስ ዋና ቤት ፅሕፈትን ቦርድን ብምርድዳእ ሕድ ሕድ ጨንፈር እንተነኣሰ ሓደ ግዜ ናይ ገንዘብ ናይ ምትእክካብ መደብ ከዳሉ ኣለዎ። በዚ መሰረት ጨንፈራት ብትልሚ መሰረት ንከባቢኤንን ንባፅለንን ይሓይሽ ዘበላኦ መድረኽ ከዳልያ ይኽእላ።

**ሐ. ካብ ወፈያን ካልእ ስራሕቲን ዝርከብ ኣታዊ፤'**

እዚ ወፈያን ካልኦት ስራሕቲ ብዋናነት ካብ ኣባል ፤ ካብ ትካላትን ፈተውትን ኣብ ሓደ እዋን ብዛዕባ ፕሮጀት ይኹን ብዛዕባ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዕድመ ብምግባር ዝርከብ እቶት እዩ። እዚ ካብ ኣባለት ማሕበረሰብ ኢሮብ፤ ካብ ነጋዶ፤ ትካላትን ፈተውቲ ኢሮብን ዝርከብ ኣታዊ ስለዝኾነ ጨንፈር ኮሚቴ ጠንክሮም ክሰርሑሉ ዘለዎም ስራሕ ሙኻኑ ክስምረሉ ኣለወ። ንኣብነት ሓደ ግዜ ንማሕበር ልምዓት ኤሮብ እዚ ወፈያ ኽገብር ኣሎኒ ዝብል ኣካል እዚ ኣጋጣሚ ተመቻችዩሉ ኣብ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናይ ክብሪ መዝገብ ክምዝገብ ኣለዎ።

በዚ መሰረት ካብ ቦርድ ኣመራርሓ ክሳብ ተራ ኣባል እዚ ናይ 2012 ዓ.ም ኣተዊ ብር 3,820,000.00ንምእካብ ከም ሓደ ኣካል ኮይኑ ክሰርሕ ኣለዎ።

## 3.ትፅብት ዝግበረሎም ውፅኢታት/Expected OutCome/

- ናይ 2011 ዓ.ም ሪፖርትን ናይ 2012 ዓ.ም ትልሚ ብቦርድ ተገምገሙ ክፀድቕ ምግባር ኣብ ስራሕ ምውዓልን ብተመሳሳሊ ምስ ጨንፈር ኮሚተታትን ሕብረተሰብን ዝተፈላለዩ አኼባታት ተኻይዶም ናብ ስራሕ ምቕያር""
- ካብ ኩሎም ኣባላትና ወርሓዊ ኣባሊነት መእካብ ን መደበኛ ኣባላት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናብ 3000 ሽሕ ምብፃሕ ። ኣብዚ ዓመት ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ብር 3,820,000.00ምእካብ ዝተአከበ ኣታዊታት ናብ ስራሕ ምቅያር ።
- ኣብ ዙሪያ ISTVET-APPIC ሐገዛት ምትእክካብን ግንዛበ ምዕባይ። ብ ማ.ል.ኢ. ቃል ዝተአትወን ዝተወሰነን 1,500,000.00 ብር ናብ ISTVET-APPIC ኣብ 2012 ዓ.ም ኣካዉንት ምትሕልላፍን ኢታዊ ምግባርን።
- ተምሃሮን መማህናን መተባበዒ ሽልማት ምሃብ ። ንቤት ትምህርታት መፃሕፍቲ ምብካትን ዉጺኢት ተምሃሮ ተማሓይሹ ምርኣይ፡ ዝተፈላሌ ኣስተምህሮታት ንመናእሰይ ምሃብ።ኣብ ወረዳና ንመናእሰይ ብዛዕባ ዘይሕጋዊ ስደት ግንዛበ ምጭባጥ ። ኣብ ዘይሕጋዊ ስደት ዝውውር ን መናእሰይ ግንዛበ ዘጭብጥ ትምህርቲ ምሃብ።
- ኣብ ዓዲግራት ማእካል ማሕበረሰብ ኢሮብ ምቁቓም ። ብተመሳሳሊ ኣብ ዳውሃን ዝርከብ ሙዝየም ባህላዊ ናዊቲ ምምላእ።
- ሓምለዋይ ከባቢ ንምፍጣር ምስራሕን ናይ ሱመ ፓርክ ክጣየሽ ምሕጋዝ(ብኣሽሐት ዝቁፀሩ ተክሊታት ፀዲቀምን ዓቢዮምን ምርኣይ)
- ዋዕላ ምፍላጥ ኢሮበታይን ፈተዉቶምን ሐረግ ዝምድናታቶምን መሰረት ዝገበረ መድረካት ምክያድ
- እስፓርታዊ ሐገዛት ምግባር እስፓርት ክስፈሕፋሕ ምብርትታዕ
- ማሓ መፂሃት ተሰኒዳ ምህታምን ንኩሉ ክትባፃሕ ምግባርን
- ዓመታዊ ኦዲት ምክያድን ሪፓርት ንዝምልከቶም አካላት ምስዳድ
- ዝተፈላለዩ ድጋፈት ኣብ ዓበቲ በዓላትን ኣድላይ መድረካትን ማሕበር እጃሚ ክፃወት ምሕጋዝ በዚ ኣጋፃሚ ናይ ልምዓት መድረካት ምዝግጃዉን

## 4. ሓፈሻዊ ኩነታት

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ናይ ስራሕ መደባት በቢ ጨንፈር ዝርከብ ኮሚቴ ምስ ናይ ባዕሉ ኩነታት ኣገናዚቡ ዓመታዊ ኣክሽን ፕላን ኣውፅኡሉ ክሰርሕ ኣለዎ። ብቤት ፅሕፈትን ቦርድ ደረጃ ዝስርሑ ስራሕቲ ኣጠቓላሊ ናይ ማሕበር ቤት ፅሕፈት ኣሰራርሓ ምክትታልን ውሳነታት ዘድልዩ ነገራት ምውሳን፤ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜ ምስ ናይ ጨንፈር ኮሚቴ ብምርካብ ደገፍ ምግባርን ፤ ኣድላይ ዝኾኑ መምርሕታት ምውጻእን ይኸውን።

## 5. ባጀት 2012 ዓ/ም ትልሚ ዝርዝር

ባጀት ዝምልከት ንሕድሕዱ ስራሕ ንምስራሕ ዝርዝር ታክቲክን ዝፍፀም ስራሓዊትን መሰረት ብምግባር ኣብቲ እዋን ምስነባራዊ ዓቕሚ እቲ ማሕበር ኣብ ግምት ብምእታዊው ዝፍፀም ይኸውን። በጀትና ኣብ ዝተኣከበ ናይ ገንዘብ መጠን መሰረት ከምዝገብር ኩሉ ኣብ ግምት ካኣቱን ክርዳእን ኣለዎ። በዚ መሰረት ን 2012ዓ/ም ናይ እቶት ምትእክካብ ስራሕትና ከምቲ ዝድለ እንተ ከይዱ ትፅቢት ዝግበረሉ ወፃኢ(ትልሚ ባጀት) ብር **2,545,000.00** ይከዉን።

**ሰደቃ ዝርዝር መደባትን ትልሚ 2012 ዓ.ም ትፅቢት ዝግበረሎም ወፃኢ.ታትን**

| ተ.ቁ | ዝርዝር መደብ ስራሕትታት ትልሚ | ፈፃሚ ኣካል | በጀት/ወፃኢ |
|---|---|---|---|
| 1 | ናይ 2011 ዓ.ም ሪፖርት ግምገማ (ጥቅምቲ 2012 ዓ/ም) | ቦርድ ማ.ል.ኢ. | 5,000.00 |
| 2 | ምስ ጨንፈር ከሚቴ ብዛዕባ ናይ 2012 ዓ.ም. ምዝታይ | ቦርድ ማ.ል.ኢ. | 15,000.00 |
| 3 | ኣባሊነት መዋጮ ምእካብ(ካብ ሓምለ 2011 - ክሳብ ሰነ 2012ዓ/ም) | ኩለን ጨንፈር ኮሚቴታት | |
| 4 | ኣታዊ ማሕበር ምዕባይ (ካብ ሓምለ 2011 - ክሳብ ሰነ 2012ዓ/ም) | ኩለን ጨንፈራት | |
| 5 | ኣብ ዘይሕጋዊ ስደት ዝውውር ን መናእሰይ ግንዛበ ዘጭብጥ ትምህርቲ ምሃብ(ካብ ጥሪ 30 2011 ዓ/ም ክሳብ ሰነ 2012 ዓ/ም) | ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ኢ. ምስ ጨንፈር ተምሃሮ | |
| 6 | ኣብ ትምህርቲ ዝሓሸ ነገር ንምምፃእ ናይ ተምሃሮ ሽልማት ምድላው ካብ 5-12 (ዝለዓለ ነጥቢ ዘለዎም 60 ተምሃሮን ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ዘመዝገቡ 10 መምህራን ምሽላምን 15 ቡሉፃት ናይ ዩንቨርስቲ ተመሃሮ ምሽላም (ሰነ 2012ዓ.ም) | ቤት ፅሕፈትን ማ.ል.ኢ.ን ጨንፈር ዳዉሃንን ጨንፈር ተምሃሮን | 120,000.00 |
| 7 | ኣብ ዓድግራት ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ማእኸል ኣብ ኢስራኤል ቢዝርከቡ ተወለደቲ ከስራሕ ምስ ኣብ ኢስራኤል ዝርከቡ ተወለድቲ ምዝርራብን ኣብ ዓዲግራት ቦታ ክርከብ ምግባር | ጨንፈር ዲያስፖራን ጨንፈር ኢስራኤልን/ቦርድ ማ.ል.ኢ. | |
| 8 | 3ተ ቤትምህርቲ ምሕጋዝ(ወርዓትለ ዓሊተና ልደታማሪያም ሞሲጋደ ሃይስኩል( ካልኣይ ብርኪ) | | 120,000.00 |
| 9 | ኣብ ኢሮብ ተሰርሑ ዘሎ ናይ ኢሮብ ማሕበረሰብ ሙዝየም ብናውቲ (ባህላዊ ኑዋትን ሽልፍን ክማላእ ምግባር ኣድላይ ይከውን | ቤት ፅሕፈትን ማ. ል.ኢ. ምስ ጨንፈር ባህሊ ኢሮብ | 60,000.00 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 10 | ብኣታሓባባርነት ጨንፈር ተምሃሮ ናይ ብሔር ብሐረሰባት ኣብ ዩንቨርስታት ከበዓላ፡ መፃሕፍቲ ተኣከቡ ንቤት ትምህርታት ከበፅሕን፡ ኣብዘይ ሕጋዊ ስደትን ተፈጥሮ ምሕዋይ ስራሕ ምስራሕ | ቤት ፅሕፈትን ጨንፈር ተምሃሮን | |
| 11 | ዓመታዊ ኦድት ምግባር (ሰነ 30/2012 ዓ.ም) | ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ኢ. ምስ ጨንፈራት | 25000 |
| 12 | ተኸሊ ምትካል ፡ ሓምለዋይ ከባቢ ንምፍጣር | ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ኢ. ምስ ጨንፈር ሮብ/ዳወሃን | 200,000.00 |
| 13 | ሓምለዋይ ከባቢ ንምፍጣር ምስራሕን ናይ ሱመ ፓርክ ክጣየሽ ምሕጋዝ | ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ኢ. ምስ ጨንፈራት | |
| 14 | ዋዕላ ምፍላጥ ኢሮበታይን ፈተዉቶምን ሐረግ ዝምድናታቶምን ምስጎረባቢቷ ወረዳታት | ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ኢ. ምስ ጨንፈራት | 50,000.00 |
| 15 | ናይ ማ.ል.ኢ. ማሓ ዘርእስታ ዓመታዊ መፂሄት ተዛጋጅያ ንንባብን ማህደርን ምስናድ | ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ኢ. ምስ ጨንፈራት | 40,000.00 |
| 16 | ን ISTVET-APPIC ሐገዛት ምትእክካብን ግንዛበ ኣበርክቶ ምግባር | | 1,500,000.00 |
| 17 | ናይ 2012ዓ.ም ናይ ቤት ፅሕፈት ክራይ ምክፋል (በቢ ሰለስተ ወርሒ) | ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ኢ. ኢ. | 30,000.00 |
| 18 | ቤት ፅሕፈት ናዉቲ ማህያ አበል ኮምቲተር ( ማናጀርን ሒሳብ ሰራሕተኛ ወዘተ) | | 180,000.00 |
| 19 | ዝተፍላለዩ ናይ ፕሮሞሽን ካሎኦት ስፖንሰር ስራሕቲ ምክያድ(ቃንቃ , ንስፖርቲ, ንስነ ፅሑፍን ካሎኦትን) | | 200,000.00 |
| 20 | **ጠቅላላ ትፅቢት ዝግበረሉ ወፃኢ** | | **2,545,000.00** |

## 6. መጠቓለሊ

ማ.ል.ኢ. ካብዝምስረት ካብ መስከረም 1995 ክሳብ ሕዳር 2009 ኣስታት 16 ዓመት ዝገበረት እንትኸውን ከብ ኣመስራርታኣ ጀሚራ ዘሎ ፀጋታትን ዕድላትን እንትረኣ ክሳብ ሀዚ ዘሎ ንጥፈታት ዘዔግብ ኣይኾነን። እዙይ ኣብ ግምት ብምእታው ኣባላት ቦርድ ማ.ል.ኢ. ማሕበርና ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብፃሕ ኩሉ ኣባልን ፈታዊ ዓዱን ህዝቡን ጠንኺሩ ክሰርሕ ኣለዎ ። ብፍላይ ከዓ ኣብ ኢሮብ ተጀምሩ ዘሎ ISTVET-APPIC ማእኸል ክውዳእ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብን ደጋፍን ክሰሪ ኣለዎ።